Kanton Bern
Canton de Berne

hallo–bern.ch
salut–berne.ch

# መንበሪ ገዛ

ምርካብ መንበሪ ገዛ
ምክራይ መንበሪ ገዛ
ጉርብትና
ቴሌቪዥን / ተለፎን / ኢንተርነት
ምእላይ ጎሓፍ

# ምርካብ መንበሪ ገዛ

ነበርቲ ስዊዝ መብዛሕትኦም ኣብ ገዛ ክራይ'ዮም ዝነብሩ። ስለ ዝኾነ ምድላይ መንበሪ ገዛ ቀሊል ኣይኮነን፣ ዋጋ ክራይ ገዛ ከኣ ልዑል'ዩ።

## ዕዳጋ መንበሪ ገዛ

ነበርቲ ስዊዝ መብዛሕትኦም ኣብ ገዛ ክራይ ይነብሩ። ንመህነጺ መንበሪ ገዛ ዝኸውን ቃጽያታት መሬት'ውን ኣዝዩ ውሑድ ስለዝኾነ፡ ብዝያዳ ከኣ ኣብ ማእከል ምምሕዳር ዝኾና ከባቢታት፡ ክራይ ገዛ ብዙሕ ኣይርከብን'ዩ። ዋጋ ገዛ ክራይ ክኣ ክቡር'ዩ። ሰባት ሓደ ርብዒ ናይ ደሞዞም ንገዛ ክራይ ይኸፍሉ። ስለ'ዚ ካብ ማእከል ከተማ ርሒቕካ መንበሪ ገዛ ክራይ ምድላይ፡ ተመራጺ ይኸውን። እንኮላይ ንኣሽቱ ዓድታት ጽቡቕ ኣገልግሎት ህዝባዊ መጓዓዝያ ስለ ዘለወን ዘሰክፍ ኣይኮነን።

## ምርካብ መንበሪ ገዛ

ንቀረብ መንበሪ ገዛ ክራይ ዝምልከት ሓበሬታ ዝዝርግሓ ብርክት ዝበላ ማዕከናት ኢንተርነት ኣለዋ። ናይ ከባቢ ጋዜጣታት'ውን ሓበሬታ ዝካረ ኣባይቲ ይዝርግሓ'የን። ገለ ኣካረይቲ ገዛ ብዘይካ'ቲ ኣብ ማእከላት ዕዳጋ ዝልጥፍዎ ሓበሬታ፡ ኣብ ኣብያተ ጽሕፈት ምምሕዳር'ውን ዝርዝር ዘለዎም ኣባይቲ ክራይ ይዝርግሑ'ዮም። ብኣንጻር'ዚ ብዙሕ ገዛውቲ ክራይ፡ መዋዕውዒ ኣይግበረሉን'ዩ። ስለ ዝኾነ ካብ ኣዝማድን ፈልጥትን ብዛዕባ ዝካረ ኣባይቲ ሓብሬታ ምእካብ የድሊ። .

## ከም ደላዪ ገዛ ክራይ ምምልካት/ ወረቐት ምእታው

ሓደ ንክራይ ዝተዳለወ ገዛ ምስ ዝምስጠኩም፡ ምስ ወናኒ ገዛ ወይ ዝሕተተሉ ትካል ምክራይ ኣባይቲ ብምርኻብ ብዓይንኹም ንኽትርእይዎ ቆጸራ ትገብሩ። ድሕሪ ምዕዛብኩም ነቲ ገዛ ንኽትካረይዎ ከተመልክቱ ምስ እንተደልዩ፡ ሓደ ናይ መመዝገቢ ቅጥዒ ምክራይ ክትመልኡ ኣለኩም። ነዚ ቅጥዒ ካብ ኣካራዩ ገዛ ትረኽብዎ። ብተወሳኺ መብዛሕትኦም ኣካረይቲ ገዛ፡ ተኻረይቲ ካብ ዕዳ ነጻ (Betreibungsregisterauszug | Extrait du registre des poursuites) ምዃኖም ዘረጋግጽን ሓርፋፍ ገምጋም ኣታዊታቶም ዝገልጽን ወረቐት ከምጽኡሎም ይጠልቡ። በዚ ከኣ ነቲ ክራይ ክኸፍልዎ ከምዝኽእሉ የረጋግጹ። ነቲ ካብ ዕዳ ነጻ ምዃንኩም ዘረጋግጽ ወረቐት ካብ ትካል ምሕደራ ምቁጽጻር ዕዳ (Betreibungsamt | Office des poursuites) ተውጽእዎ።ንሓደ ገዛ ክካረይዎ ዝደልዩ ብዙሓት ክኾኑ ስለዝኽእሉ ኣብ ብዙሕ ገዛውቲ ምምልካት ተመራጺ ይኸውን።

## መንበሪ ገዛ/ ኣፓርታማ ምዕዳግ

ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ "C" ዘለዎም ወጻእተኛታት፡ ብዘይ ገለ ገደብ፡ ኣብ ካንቶን በርን ገዛ ወይ ኣፓርታማ ክገዝኡ ይኽእሉ። እዚ መሰል'ዚ ነቶም ካብ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕበረት ወይ ኣባል ሃገራት ማሕበር ነጻ ንግዲ ኤውሮጳ (EU/EFTA) ዝመጽኡ እሞ መንበሪ ፍቓድ B ዘለዎም'ውን ይምልከት'ዩ። መንበሪ ፍቓድ B ዘለዎም ካብ'ዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ሃገራት ወጻኢ ዝመጽኡ ነበርቲ፡ መንበሪ ገዛ ወይ ኣፓርታማ ክገዝኡ ይፍቐደሎም'ዩ፣ እንተኾነ ባዕሎም ጥራይ ክነብርዎ ኣለዎም። ንካልእ መንበሪ ፍቓድ ከም (L, F) ዘለዎም ግን ገዛ ወይ ኣፓርታማ ክገዝኡ ፍቑድ ኣይኮነን። ነዚ ዝምልከት ጽጹይን ንጹርን ሓበሬታ ካብ ቤት ጽሕፈት መዝገብ መሬት ክርከብ ይከኣል። (Grundbuchamt | Bureau du registre foncier)

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/housing/finding-an-apartment--house

# ምኽራይ መንበሪ ገዛ

ገዛ ዝካረዩ ሰባት ዝተፈላለዩ ሕጋዊ መሰላትን ግቡኣትን ኣለዎም። ስለ ዝኾነ ኣካረይቲ ንእለቱ ካብ ገዛ ክራይ ከውጽእዎም ወይ ከባርርዎም ኣይክእሉን'ዮም። እንተኾነ እቶም ተኻረይቲ'ውን ሕግታት ውዕል ገዛ ክራይ ከኽብሩ ይግባእ።

## ውዕል ክራይ ገዛ

ከም ሕጊ፡ ኣካረይትን ተኻረይትን ሓደ ናይ ጽሑፍ ውዕል ብዛዕባ ሕግታት ክራይ ይወዓዓሉ። ናይ ቃል ስምምዕ'ውን ክግበር ይከኣል'ዩ። እንተኾነ ተመራጺ ኣይኮነን። ዝኾነ ኮይኑ፡ ተፈጻምነት እቶም ኣብ ውዕል ገዛ ክራይ ዝሰፈሩ መሰላትን ግቡኣትን፡(Obligationenrecht | Droit des obligations) ብዕቱብ ክተሓዝ ኣለዎ።

## ክራይ ገዛ

ክራይ ገዛ፡ ንጽሩይ ክፍሊት ክራይን፡ ንተወሳኺ ክፍሊት ሃልኪ (Nebenkosten | Charges) (መውዕዪን ውዑይ ማይን) የጠቓልል። እቲ ኣብ ውዕል ክራይ ገዛ ዝተጠቕሰ ተወሳኺ ክፍሊት ሃልኪ ጥራይ ክኽፈል ይከኣል። ክራይ ገዛ ወርሓዊ ኣቐዲምካ ኣብ መጀመርታ ወርሒ ክኽፈል ኣለዎ። ኣካረይቲ ገዛ ንዋጋ ክራይ ኣብ ጭቡጥ ምኽንያታት ተመርኲሶም ጥራይ ክውስኹ ይኽእሉ። ንምውሳኽ ገዛ ክራይ ዝምልከት፡ ኣብ እዋኑ ሓደ ሕጋዊ ቅጥዒ መሊኦም፡ ብስርዓት ክሕብሩ ይግባእ። ተኻረይቲ ነቲ ምውሳኽ ክራይ ዘይርትዕዊ ኮይኑ ምስ ዝረኽብዎ፣ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት መንጎኛታት ወይ ዓረቕቲ ምምሕዳር'ቲ ከባቢ (Schlichtungsbehörden | Autorités de conciliation) ከመልክቱ ይኽእሉ። ኣካረይቲ ብተወሳኺ እንተበዝሐ ዋጋ ክራይ 3ተ ወርሒ (Kaution | Caution) ከም ትሕጃ ኣቀዲሞም ክሓቱ ይኽእሉ። እዚ ትሕጃ ካብቲ ገዛ ክራይ ክትወጽኡ እንከለኹም፡ ድሕሪ ምርኽኻብ ገዛ፡ ተመሊሱ ይወሃበኩም።

## ምእታው / ምግዓዝ ናብ መንበሪ ገዛ

ኣብ ሓደ ሓድሽ ክራይ ገዛ ክትኣትዉ እንከለኹም፣ ዝርዝር ሕግታት ዝሓዘ ጽሑፍ ምስ ውዕል ክራይ ገዛ (Wohnungsabnahmeprotokoll | État des lieux ) "ስርዓተ ምርኽኻብ" ዝበሃል ይወሃበኩም። ተኻረይትን ኣካረይትን ገዛ፡ ዝርዝር ንብረት ገዛ፡ ዝተበላሸወን ጥዑይን ንብረት፡ ኩነታት ገዛን የረጋግጹን ይረኻኸቡን። እቶም ተኻረይቲ ካብ ቅድሚኦም ዝመሓላለፍ ዕዳ ዝተበላሸወ ንብረት ወይ ክፉል ገዛ ከይህሉ ብምርግጋጽ ይርከቡ። እንስሳ ገዛ ዝውንኑ ተኻረይቲ፡ ኣቀዲሞም ክሕብሩን እንስሳኦም ኣብ'ቲ ገዛ ከስፍርዎም ከም ዝኽእሉ ከረጋግጹን ይግባእ። ኣስተውዕሉ/ ተጠንቀቑ :- ኣብ ዝተኻረኹሞ ገዛ ድሕሪ ምእታውኩም፣ ኣብ ውሽጢ 2 ሰሙን ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢኹም ከተመልክቱ ይግባእ።

## ዕንወት / ብልሽት ኣብ ዝተኻረየ ገዛ

ንኣሽቱ ምብልሻዋት ኣብ'ቲ ገዛ ክራይ ምስ ዘጋጥሙ: ተኻራይቲ ባዕሎም ክኸፍልዎም ይግባእ። ንኣብነት፦ ሓድሽ ትቦ መሕጸቢ ሰብነት ወይ መቐመጢ ሳሙና ። ብዙሕ ወጻእታት ዝሓቱ ምትዕርራያት፡ ጽገና ወይ ምቕያር ንብረት፣ ኣካራዩ ባዕሉ ክኸፍሎም ይግባእ። ተኻረይቲ ባዕሎም ንዘስዓብዎ ምብልሻዋት ወይ ዕንወት ባዕሎም ክኸፍልዎ ኣለዎም። ተኻረይቲ ነዚ ንኽሕግዞም ኣብ ውልቃዊ መድሕን ምእታዉ የድልዮም። ገለ ነገር ምስዝበላሾ ወይ ሕብሪ ገዛ ክትልውጥ ምስ ዝድለ (ንኣብነት፦ ኣብ'ቲ ገዛ ገለ ምቕያር ምስዝድለ፡ ምልካይ ሕብሪ መንደቕ)፣ ተኻረይቲ ንኣካረይቲ ክውከስዎም ይግባእ። ሓደ ዓቢ ጉድለት ኣብቲ መንበሪ ገዛ ምስዝህሉ፣ ንኣብነት ዘይሰርሕ መውዓዩ፡ ማሽን መሕጸቢ ክዳውንቲ፡ ዝርብሽ ድምጺ ስርሓት ህንጻ... ወዘተ ምስ ዝህሉ፡ ተኻረይቲ መሰል ምጉዳል ዋጋ ክራይ ኣለዎም።

## ምቁራጽ/ምስራዝ ኩንትራት ገዛ ክራይ

ኣካረይቲ ወይ ተኽረይቲ ንውዕል ገዛ ክራይ ኣብ ዝተወሰነ ወይ ዝተፈልጠ ግዜ ናይ ዓመት ጥራይ ክስርዝዎ/ከቋርጽዎ ይከኣል። ብዘይካ'ዚ እቲ ምቁራጽ ወይ ምስራዝ ኣብ ተቀባልነት ዘለዎ ግዜን ብጽሑፍን ክኸውን ኣለዎ። ግዜ እቲ ምቁራጽ ወይ ምስራዝ ኩንትራት ገዛ ክራይ ኣብ መምርሒታትን ሕግን'ቲ ኩንትራት ሰፊሩ ይጸንሕ። እንተወሓደ ናይ ሰለስተ ወርሒ ዕድል ክወሃብ ኣለዎ። ኣካረይቲ ሕጋዊ ቅጥዒ ከማልኡ ይግባእ። ተኻረይቲ ብኣካረይቲ ዝውጽዑ ዘለዉ ኮይኑ ምስ ዝስምዖም ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ጥርዓን ከቅርቡ ይኽእሉ። ኣብ ከም'ዚ ኩነታት ብነጻ ዘገልግል ኣማኻሪ ሕጊ ኣሎ። ተኻረይቲ ካብ'ቲ ኣብ ውዕል ዝሰፈረ ውሱን ናይ ምስራዝ ወይ ምቁራጽ ውዕል ክራይ ወጻኢ፡ ውዕሎም ክስርዙ ወይ ከቋርጹ ዝኽእሉሉ ዝተፈልየ ኩነታት ኣሎ። ብሕጊ ተካእ ተኻረይቲ ከምጽኡ ኣለዎም። እቶም ዝመጽኡ ሓደሽቲ ተኻረይቲ ከኣ ከማልእዎም ዝግባእ ቅጥዕታት ኣለዉ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ምስራዝ ውዕል፡ ንዝተኣትዉ ውዕላትን ዝሰፈሩ ሕግታትን ብግቡእ ምፍላጥን ምግንዛብን ከም ዘድሊ ክፍለጥ ኣለዎ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/housing/renting-an-apartment

# ጉርብትና

አብ ኩሉ መንበሪ ገዛውቲ፡ ኣብ መንጎ ጎረባብቲ ዘሎ ርክብ ሓደ ዓይነት ኣይኮነን። ዝኾነ ኮይኑ ምስ ጎረቤት ምዝርራብን ምልዛብን ብፍላይ ኣብ ግዜ ዘይምርድዳእ ተመራጺን ኣድላይን'ዩ።

## ስጉሚ ንምቅርራብ/ምስ ጎረቤት ምቅርራብ

ኣብ ገለ ከባቢ ዝነብሩ ጎረባብቲ፡ ነንሕድሕዶም ብምልክት ወይ መንደቕ ብምህራም ይረዳድኡ። ኣብ ካልእ ከባቢታት ግን እዚ ዘይቅቡል ክኸውን ይኽእል'ዩ። ብዝኾነ ሓድሽቲ ሰፈርቲ ንጎረባብቶም ብኣካል ክላለይዎም ኣለዎም። ኣብ ኩሉ ክተኣታቶ ዘለዎ'ዩ። እቶም ጎረባብቲ ምቅርራብ ዘይደልዩ ምስ ዝኾኑ ዘገድዶም የለን፣ ንዕኦም ይምልከት። ሰባት ኣብ'ቶም ዝሰማማዕዎም ጥራይ ከድህቡ ኣለዎም። ምስ ጎረባብቲ ከላልዮም ዝኽእል ኣጋጣሚ'ውን ኣሎ። ንኣብነት ክለባት ወይ ማሕበራት።

## መምርሒታትን ስርዓታትን መንበሪ ገዛ

ብዙሓት ነበርቲ ወይ ወነንቲ ኣብ ዘለውዎ መንበሪ፡ ዳርጋ ኣብ መብዛሕትኦም ሓደ ናይ መንበሪ ገዛ መምርሒ ወይ ስርዓት (Hausordnung | Règlement de maison) ኣሎ። እዚ ኩሉ ግዜ ምስ ውዕል ገዛ ክራይ ይወሃብ። ኣብ'ዚ ኩሉ ብሓባር ናይ ምንባር ሕግታት ወይ ስርዓት፡ ብሓባር እትጥቀሙሎም ክፍልታት፡ ከም ናይ ሓጻቢት ክዳውንቲ ማሽን ዝኣመሰሉ፡ ብሓባር እትጥቀመሉ ነገራት ብዝርዝር ይግለጽ። ስርዓት ወይ ሕግታት መንበሪ ገዛ ምኽባርን ምሓላውን ኣብ ስዊዘርላንድ ልዑል ቦታ ይወሃቦ። ብፍላይ ኣብ ናይ ዕረፍትን ህድኣትን ግዜ ክኽበር ዘለዎን ኣብ ሕጊ'ውን ዝሰፈረ'ዩ።

## ግጭት/ዕግርግር

ሰባት ዝርብሹ ወይ ስርዓት ናይ'ቲ መንበሪ ገዛ ዘየኽብሩ ኮይኖም ምስ እትረኽብዎም፡ መጀመርታ ምስኣቶም ክትዘራረቡን ከተረድእዎምን ክትፍትኑ ይምረጽ። እዚ ፍታሕ ምስ ዘየምጽእ ግን ነቲ ኣካራዪ ወይ ንኣማሓድሪ ናይቲ ገዛ ምሕባር የድሊ። ኣብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ኩነታት ከኣ ንፖሊስ ምሕባር የድሊ(ቁ.ቴሌፎን: 117) ። ጎነጽ ምስ እትርእዩን ኣብ ህላዌ ጎረቤትኩም ስግኣት ምስ ዝፈጥርን ብርግጽ ፖሊስ ክትሕብሩ ኣለኩም።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/housing/neighbourhood

# ቴሌቪዥን / ተለፎን / ኢንተርነት

ቀረባት ኣገልግሎት ተለፎን፡ ኢንተርነት፡ መስመር ተለቪዥን ዝህቡ ዝተፈላለዩ ትካላት ኣለዉ። እዚኣቶም ብከፊል ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለዩ። ዳርጋ ኩሎም ነበርቲ ናይ ራዲዮን ተለቭዥንን ክፍሊት ክኸፍሉ ይግባእ።

## ክፍሊት ራዲዮን ቴሌቪዥንን

ዝኾነ ሰብ ናይ ራዲዮ ወይ ናይ ቴሌቪዥን መዳባት ትስሕብ መሳርሒት ምስትህልዎ፡ (ከምኡውን ናይ ኮምፒተር ምስ ኢንተርነት)፡ ናይ ራዲዮን ተለቪዥንን ክፍሊት (Radio- und Fernsehgebühren | Redevance de radio-télévision) ክኸፍል ኣለዎ። ምስዚ ሕጋዊ ክፍሊት፡ ኩሉ ፕሮግራማት ናይ ህዝባዊ ሕጋዊ መሰላት ራዲዮን ቴሌቭዥንን (SRG SSR) ከምኡ ውን ናይ ውልቂ ራዲዮን ቴሌቪዥንን ሓገዛት ይረኽቡ።ንምእካብ እዚ ክፍሊት ቢላግ/serafe/ ሓላፍነት ይወስድ። ናይ መመላእታ ገንዘብ (Ergänzungsleistungen | prestations complémentaires) ዝወስዱ ሰባት ካብዚ ክፍሊት ነጻ ኢዮም።

## ቴሌፎን: ኢንተርነት.: መስመር ቴሌቭዥን

ኣብ ስዊዘርላንድ ብዙሓት ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ቴሌፎን፡ ኢንተርነትን መስመር ቴሌቭዥንን ኣለዉ። ገሊኦም ኣብ ዝተወሰኑ ዞባታት ጥራይ ይነጥፉ። ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታትን ዋጋታትን ስለዘለዉ፡ ዝሓሸ ዋጋ ኣወዳዲርካ ምምራጽ፡ ኣገዳሲ ኢዩ። ናይ ሳተላይት መስመር ክእትዉ ዝደልዩ፡ ንኣካረይቲ ገዛ ክሓቱ፡ ወይ ንጎረቤት ክውከሱ ይግባእ። መስመር ኢንተርነት ኣብ ውሽጢ ገዛ፡ ከም ልሙድ ቁልጡፍ ኢዩ። ናይ ኢንተርነት ካፈ፡ ኣዝዩ ውሑድ ኢዩ። ምኽንያቱ ኩሉ ገዛውቲ መስመር ኢንተርነት ስለዘለዎ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/housing/tv--internet--telephone

# ምእላይ ጎሓፍ

ንምእላይ ጎሓፍ፡ ኣብያተ ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ወይ ምምሕዳራት ከተማታት ሓላፍነት ይስከሙ። ስለዝኾነ ነናይ ገዛእ ርእሶም ሕግታት ምሕደራ ምእላይ ጉሓፍ ኣለዎም። ንጎሓፍ በብዓይነት ምፍልላይ ልዑል ዋጋ ይወሃቦ። ስለ'ዚ ነናቱ መእከቢ ጎሓፍ ኣለዎ።

## ምፍልላይ ጎሓፍን / ደጊምካ ምምስራሕን

ጎሓፍ ምፍልላይ ንምዕቃብ ኣከባብን ገንዘብ ንምቑጣብን ሓጋዚ ኢዩ። ካልኣይ ዝምስራሕ ከምኡ'ውን ኣከባቢ ዘበላሹን ጎሓፍ ነናቱ ፍሉይ መእከቢ ኣለዎ። ናይ ካርቶን/ወረቐት፡ ናይ ባተሪ፡ ናይ ጥርሙዝ፡ ሓምላይ ጎሓፍ/ ኣታኽልትን ቆጽለ መጽልን፡ ዘይቲ፡ ኣጭርቕ፡ ሓጺን ወዘተ... እናተባህሉ ይፍለዩ። እዚኣቶም ምስቲ ሓፋሻዊ ጎሓፍ ኣይሕወሱን'ዮም። ነብሲ ወከፍ ምምሕዳር ከባቢ ወይ ከተማ ናይ ገዛእ ርእሱ መደባት ምእላይ ጎሓፍ (Entsorgungsplan | Plan de ramassage) ወይ ዓውደ ኣዋርሕ ምእላይ ጎሓፍ (Abfallkalender | Calendrier des déchets ኣለዎ። ነዚ ዝምልከት ሓብሬታ ንነፍስ ወከፍ ነባራይ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣብ ዝምዝገበሉ ግዜ ይወሃቦ። ኣየናይ ዓይነት ጎሓፍ መዓስን ኣበየናይ ቦታን ብኸመይን ከምዝጎሓፍ ብዝርዝር ይሕበር። ጎሓፍ ምንዳድ ወይ ኣብ ዘይግብኦ ቦታ ምድርባይ ኩልኩል ኢዩ። ፕላስቲክ መትሓዚ ፈሳሲ (PET-Flaschen | Bouteilles en PET) ከምኡውን ካልእ ባኮታት ዳርጋ ኣብ ኩሉ ንግዳዊ ቦታታት ብዘይ ክፍሊት ክምለስ ይከኣል።

## ፕላስቲክ(ጎማ) መትሓዚ ጎሓፍ / ፍሉይ ምልክት ዘለዎ ተለጣፊ

ዳግማይ ክምስራሕ ዘይከኣል ጎሓፍ (ተረፍ መግብን ካልእን)፡ ኣብ ንዑኡ ዝተዳለወ ፕላስቲክ(ጎማ) ተኣኪቡ፡ ብምምሕዳር ከባቢ ወይ ከተማ ኣብ ዝተወሰነሉ ቦታ ይጎሓፉ። ዋጋ መትሓዚ ጎሓፍ ፕላስቲክ(ጎማ) ወይ ፍሉይ ምልክት ዘለዎ ተለጣፊ ወረቐት፡ ርትዓዊ ክፍሊት ይውሰን። ነብሲ ወከፍ ምምሕዳር ከባቢ ናይ ገዛእ ርእሱ ተለጣፍን መትሓዚ ጎሓፍ ፕላስቲክን(ጎማ) ኣለዎ። ንሱ ከኣ ካብ ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ወይ ካብ ትካላት ንግዲ እቲ ከባቢ ይዕደግ። ጎሓፍ ዝሓዘ ፕላስቲክ(ጎማ) ኣብ ውሱን መዓልታት፡ ኣብ ጎደና ይውጽእ። ኣብ ገለ ከባቢ ከኣ ኣብ ፍሉይ መእከቢ ጎሓፍ ይእከብ። ካብ'ቲ ዝተወሰነሉ መዓልትን ግዜን ወጻኢ ጎሓፍ ኣብ ደገ ምግባር ክልኩል ኢዩ። ኣብ ገለ ብዙሓት ስድራቤታት ዝቕመጥሉ ህንጻታት፡ ኮንተይነር መኣከቢ ጎሓፍ ዝሓዘ ፕላስቲክ(ጎማ) ኣሎ። ነዚ ዝምልከት ሕቶታት ምስ ዝህሉ ንምምሕዳር ከባቢ ወይ ንጎረቤት ምውካስ ይከኣል።

## ፍሉይ ጎሓፍ

ፍሉያት ጎሓፋት (Sonderabfälle | Déchets spéciaux) ብፍሉይ ክእለዩ ኣለዎም። መርዛማት ጎሓፋት ንኣከባቢ ክብክሉ ወይ ኣብኡ ንነውሕ ግዜ ከጸንሑ ይኽእሉ። ቀለማት(ሕብሪ)፡ ቀመማት፡ ባተሪ፡ ኣቕሑት ኤለትሪክ፡ ኤለትሪክ ዝቑጥቡ ላምባታት(ልቺታት) ወይ መዓልቶም ዝሓለፎም መድሃኒታት ከም ኣብነት ክቀርቡ ይኽእሉ። እዚኣቶም ምስ ተረፍ መግብን ካልእ ጎሓፍ ገዛን ብፍጹም ክሕወሱ የብሎምን። ኣብቲ ዝተገዝኡሉ ቦታ ተመሊሶም'ዮም ክጎሓፉ ዘለዎም። እቲ መስራሒ ወይ ኣፍራዪ ትካልን እቲ ሸያጢ ትካልን ነዚኣቶም ኣብ ምእላይን ምጉሓፍን፡ ካብ ተጠቃሚ ብዘይ ክፍሊት ክቕበልዎም፡ ግዴታን ግቡእን ኣለዎም።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/housing/waste-disposal